# ብዘይ ምሕር ገበል
# ተጎቢጥኪ ሰምበል

ብተስፋማርያም ወ/ጊዮርጊስ
14/02/08 ኖርወይ

ሰምበሊ ወይ ሰምበሊ ወይ ሰምበሊ
ዓዲ ጥሪት ነርኪ ዓዲ ሽጋር በቕሊ
ዓዲ ስርናይ ነርኪ ዓዲ ስገም እኽሊ
ድኳዕ መሬት ዘየድልዮ ሰውሒ ነቕሊ
መዕረፍ ኣስሓይታ ሓውሲ በረድ ኣውሊ
ሰዊት መስከረም ሓላፍ መገዲ ተዐንግሊ

ህግደፍ ከይተፈጥረ ደቂ ጎልጎል ሰምበል
መሬትና ኣሕሊፍና ኣይንህብን ብምባል
ተቓዊሞም እዮም ኣብቲ ጽጡሕ ጎልጎል
ጠያይት ምስ ዘነበ ኮነ ኣ.ተራ ድንን በል

ክልተ ሰባት በጃ ሓለፉ ምእንቲ ዓዶም
ኣይረሳዕናዮምን ኣሎ ምስክር ሓወልቶም
ከም ታሪኽ ክዝንቶ ከይሕከኽ ሞያኦም
ብመንፈስ ምሳና ብስጋ ኣብ ሓመዶም

ሰምበለይ ዶላር ዝዓሞኹ ወሪሮሙኺ
ጓና ክዕንድር ብማዕዶ እነብዑ ደቅኺ
ዋናኣ ዘይፍሉጥ ዓዲ ጁዝ ማጁዝ ኮንኪ
ኢዶም ኣይስኣኑ ሕሱማት ጸላእትኺ

ህግደፍ ዝብሉኽስ ከመይ ተቦንቆሲ
ኤርትራና ቀይርክያ ናብ ሲኦል ጋህሲ
ዓዲ ሓዘን ኮይና ዓዲ ሕማም ርእሲ
ደሊኻ ዘይርከብ መድሃኒኺ ፈውሲ
ቀደምሲ ነይሩ ማይ ጨሎት ዓዲ ራእሲ
ከይረገጸ ከሎ ህግደፍ ሰይጣን መቃወሲ

መዓስ ሰምበል ጥራይ ኮይና ተወሪራ
ጉድኮዩ ተረኺቡ ኣብ ሃገር ኤርትራ
ብኹላያ ተሸይጣ ብጃምላ ንባጤራ
በውራጃ መቓቒሉና ርጉም ደፍተራ
መቕዘፍቱ የሪ.ኣና ንህግደፍ ዝፈጠራ

ጥዑም ኣስማተን ቀያይሩ ናብ ምምሕዳር
ነውራጃታት ሓዊ ኣጕዱ ከቃትል ብሱውር
ስመን ደምሲሱ ተከኦ ብቑጽሪ ብናምበር
እዚ.ዩ ዓድና ከይንብል ዘይናህና ክቐራቕር
ህዝቢ ከይቐስን እፎይሉ ብሰላም ከይንነብር

ሰምበለይ ወይ ሰምበሊ ወይ ሰምበሊ
ህግደፍ ቀይሩኪ ናብ ማሕዩር ካርሾሊ
ክሳብ ንምለሰኪ ሰምበለይ ድሓንዓሊ
ምስ ዝመጸ ብግዲ ሰምበለይ ተመሳሰሊ
ሕሱም ጥዑም ከይበልኪ ጋሻ ተቐበሊ
ሕማኾ እዋን ተጸመሚ ብኒሕ ብዓኾሊ
ቀሪቡዩ ወደባት ክቋጻጸር መሬቱ ብዕሊ

## ኤረና ኩሓሉ ሎም ዘመን ሓዲኡሎ